## ሐጌ 2

4 ኣነ ምሳኻትኩም እየ እሞ፣ ዕየዩ፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት።
5 ከምቲ ኻብ ግብጺ ኽትወጹ ከሎኹም ምሳኻትኩም ዝኣቶኽዎ ቓል ኪዳነይ፣ መንፈሰይ ኣብ
ማእከልኩም ይነብር ኣሎ፣ ኣይትፍርሁ።
6 እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ኸምዚ ይብል ኣሎ፣ ገና ሓደ ጊዜ፣ ብሓጺር ጊዜ ኪኸውን እዩ፣ ኣነ
ንሰማይን ምድርን ባሕርን ንቑጽን ከነቓንቕ እየ።
7 ንዅላቶም ኣህዛብ ከነቓንቖም እየ፣ ኣነውን ነዛ ቤት እዚኣ ብኽብሪ ኽመልኣ እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር
ጐይታ ሰራዊት።
8 ብሩር ናተይ እዩ፣ ወርቂ ኸኣ ናተይ እዩ፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት።
9 ካብቲ ቐዳማይሲ እቲ ዳሕራይ ክብሪ እዛ ቤት እዚኣ ኪበልጽ እዩ፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ
ሰራዊት፣ ኣብዛ ቦታ እዚኣ ሰላም ክህብ እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት።

## 1ይ ጴጥሮስ 4

7 ግናኸ መወዳእታ ዅሉ ነገር ቀሪቡ። ስለዚ ርእስኹም ግትኡ ንጸሎትውን ንቕሑ።
8 ፍቕሪ ብዝሒ ሓጢኣት ትኸድን እያ እሞ፡ ቅድሚ ዅሉ ኣብ ንሓድሕድኩም ሃልሃል እትብል ፍቕሪ
ትሀልኹም።
9 ብዘይ ምዕዝምዛም ንሓድሕድኩም ግሽነት ተቓባበሉ።
10 ነፍሲ ወከፍ ከምቲ እተቐበሎ ውህበት ጸጋ፡ ከም ሕያዎት መገብቲ ናይቲ ብዙሕ ዝዓይነቱ ጸጋ
ኣምላኽ ንሓድሕድኩም ኣገልግሉ።
11 ዚነግር እንተ ኾነ፡ ከም ቃል ኣምላኽ ገይሩ ይንገር፡ ዜገልግል እንተ ኾነውን፡ ከምቲ ኣምላኽ ዝሀቦ
ሓይሊ ገይሩ የገልግል። ኣምላኽ ብየሱስ ክርስቶስ ብዅሉ ምእንቲ ኪኸብር፡ ንእኡ ኽብርን ስልጣንን
ንዘለኣለመ ኣለም ይኹኖ። ኣሜን።

## ወ. ዮሐንስ 15+16

26 እቲ ኣነ ኻብ ኣቦ ዝሰደልኩም መጸናንዒ፡ ካብ ኣቦ ዚወጽእ መንፈስ ሓቂ ምስ መጸ ግና፡ ንሱ
ኺምስክረለይ እዩ።
27 ንስኻትኩምውን ካብ መጀመርያ ምሳይ ኔርኩም ኢኹም እሞ፡ ትምስክሩለይ ኢኹም።

1 ምእንቲ ኸይትዕንቀፉ ኢለ እየ እዚ ዝነገርኩኹም።
2 ካብ ቤት ጸሎቶም ኬውጽኡኹም እዮም፡ ኤረ ዝቐተለኩም ዘበለስ ንኣምላኽ ኣገልግሎት የቕርበሉ
ኸም ዘሎ ዚመስሎ ጊዜ ኽትመጽእ እያ።
3 ነቦን ንኣይን ስለ ዘይፈለጡ፡ እዚ ኺገብርኹም እዮም።
4 ጊዜኦም ምስ በጽሔት፡ ኣነ ኸም ዝበልኩኹም ምእንቲ ኽትዝክርዎ ግና፡ እዚ ነገርኩኹም።
ምሳኻትኩም ስለ ዝነበርኩ እየ ካብ መጀመርታ እዚ ዘይነገርኩኹም።